

# ጀበርቲ ዘይሕወሳ ውራይ
# መርዓ እትመስል ዋይ! ዋይ

ብወደባት፡ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)
ሚላኖ-ኢጣልያ



## ልዕሊ 50 ሓምሳ ዓመት ዝገብር ዝሰማዕኩዋ ምስላ

ጽሩይ ዘመን ነይሩ ብግዜ ኸኣ ንሕና ኣርሲሕናዮ ኼንና ኣቢሉ ዘስተንትን እዩ። እቲ ናይ ቀደም ኣቦታትና ኣያታትን ዝምስልዎ ዝነበሩ መሃሪ ምስላታት፡ ኣብዚ እዋን እዚ ክትዝክሮ እንከሎኻ እሞ፡ ንተገሓሚጡ ዘሎ ኩነታት ምስ እቲ ዝተባህለካ ዝተነግረካ ኣመጣጢንካ፡ ካብ ተባህለ ካብ ተነግረ ዝተገብረ እዩ እሞ መዕገቲ ክትገብረሉ ዘይከኣል ስለ ዘይኮነ፡ ካልእ ይትረፍ እተባህለካ እተነግረካ በል ንገር እሞ ንጸቦባኻ ፍታሕ ክትረኽበሉ ትኽእል ኢለ ስለ ዝገምገምኩ ናይ ሎሚ ጽሕፍተይ በዛ ከም ኣርእስቲ ኣቐሚጠያ ዘሎኹ ምስላ ተረከቡኒ።

## እዛ ምስላ!

ኣብ ዘመነ ጭውየት ኤርትራ ሃገር ብሰበብ እቲ ብዕሱባት ናይ ሃይለስላሴ ዝተመልመሉ ማሕበር ኣንድነት ዝጽውዑ ዝነበሩ፡ ምስ ኣጭወዩና ትበሃል ዝነበረት ምስላ እያ። ክንሰምዓ እንከሎና ክሳዕ ክንድቲ ዓቕሚ ምርምር ብሂላት ኣይንበረና ድኣ እምበር፡ ምስ እቲ ኣብ ጉዕዞ ጉብዝናና እናተዓዘብናዮ ዝኸድና ኩነታት ግን እናተረድኣና እናተፈለጠና ዝኸደ ምህሮ ተመኩሮ እዩ።

## መንግስቲ ኤርትራ 1952

ብውዲት ፈደረሽን ዝተኣታተወ ንኤርትራውያን መተዓሻሸዊ መንግስትን ባይቶን ኤርትራ ክቐውም እንከሎ፡ ባይቶ ይሃልው ድኣ እምበር ፈጻሚ ኣካል ኩሉ እቲ ሳዕለዋይ ጸፍሒ **ብሰክረታርያ መንግስቲ ኤርትራ** ዝጽዋዕ ዝነበረ ትካል እዩ ገባራይን ሓዳጋይን ኮይኑ ዝፍጽም ዝነበረ።

## እዞም ፈጸምቲ ኸኣ!

ንመርኣይ ውሑዳት ተቓወምቲ እቲ ፈጻሚ ኣካል እንተዘይኮይናም ሰለስተ ርብዖም ምልሙላት ምኹራት **ማሕበር ኣንድነት** ዝነበሩ ኾይኖም መምርሒ **ብዓል ሃጸይ ሃይለስላሴ** ብመንገዲ ናቱ ወኪል ኣብ ኤርትራ ዝነበራ **ቢትወደድ እንዳልካቸው መሳይ** ብድሕሪኡ ኸኣ **ሌፍትናንተ ጀነራል ዓብይ ኣበበ** ኣቢሉ ዝመጾም ፈጸምቲ ዝነበሩ እዮም።

**ናይ እዝን፡ ሰፊሕ ጉዳያትን ኣብዚ እዋን እዚ ኣብዛ ኣድማዒትን መሃሪት በቒዓ ዘላ ኢትዮጵያ ፕረዚደንት ሃገር ኮይኖም ዘለው (መቶ ኣለቃ ነበር) ፕረዚደንት ግርማ ወልደጊዮርጊስ ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ።**

## ኣብቲ ወሻላኽ ዘመን

ኣብ እቲ ፈጻሚ ኣካል መንግስቲ ኤርትራ ካብ ኩለን ብሄራት ኣባላት ይንበሩ ድኣ እምበር ኣዳዕዲዑን ኣጻዕድዩ ዝምስክሮን፡ **ኤርትራ ርእሳ ክኢላ ክትነብር ናጻ ሃግ ዓቕሚ እያ** ኢሎም ካብ ምእታው ምምሕዳር እንግሊዝ **1941-42** ኣትሒዞም ዝጣበቑን ዝምክቱን ናይ ዝኾነ ይኹን

ባዕዲ ከይተኣታተው ዝዳፍዑ ስለዝነበሩ ነቲ ተወጢኑ ተመዲቡ ዝነበረ ጭውየት ኤርትራ ዕንቅፋት ስለዝኾኑን ዝተረጋገጹን።

## ነቲ ሓሳኽ ውጥን፡

ኣቦታት ጀበርቲ ብልዝብን ምርድዳእን ምስ ሓለይቲ ኤርትራውነት ኣቦታት ተሳዚቦም ከኣ ንዝውሸለኽ ዝነበር ጥፍኣትና ብምድምሳስ ህላዌነት ብሄር ጀበርቲ ይህንደድ ንዝነበረ ቶንኮል መዕገቲ ኢሎም **ብዓል ክቡር ኣቦና ራእሲ ተሰማ ኣስበሮም፡** ካብ ማዕረባ ንኣስመራ መጺኦም ሓደ ዓቢይ ትካል ማሕበር ጀበርቲ ኤርትራ፡ ኣብዚ ሎሚ እንተዘይተደምሲሱ ኾይኑ ጥቓ ሕቖ ዓቢይ መስጊድ ናብ ቤተክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ዝወስድ ሜዳ ኣቡነ ጴጥሮስ ዝጽዋዕ ዝነበረ **<u>መመዝገብን መኤከብን ጀበርቲ ኤርትራ</u>** ኣመሪቖም ከፊቶም። (1954)

## ምትእክኻብ ጀበርቲ ኤርትራ፡

ንዕሱባት ይኹን ንለኣኽቶም ሃጸያውያንን ጽዮናውያንን ስርዓታት ብዙሕ እዩ ኣሰንቢድዎም። ኣብቲ እዋን እቲ ጌና ህዝቢ ንምኽሳብ ወይጦታተ ምዕሳብ ጀማሪ ወፍርታቶምን ዝጠለምዋ ዝዓመጸጽዋ ውዑል ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዓ<u>ንቀጽ 392A</u> ጌና ጥልልቲ ስለዝነበረት ርኡይ ወፍሪ ማህደንቲ (ምእሳር ምሕናቕ) **<u>ጀበርቲ ኤርትራ</u>** ከተግብሩ ስለዘይክእሉ ዝነበሩ ንእታ ዝተኸፍተት መመዝገብን መኤከብን **<u>ጀበርቲ ኤርትራ</u>** ከዕጽውዋ መዔቀኒ ዘይርከቦ ዕንቅፋታት ኣካይዶም እዮም።

## ዕሱባት ኢትዮጵያ፤

ንውዕል ሕቡራት መንግስታትን ዓለም ጠሊሞም ብትእዛዝ መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ዝነበሩ **<u>ነፍስሄር ደጃዝማች ተድላ ባይሩ</u>**ን መፋጽምቶምን ኣብ ውዑል ኩልኩል ዝነበረ ምእታው ውሽጢ መሬት ኤርትራ **<u>ጦር ሰራዊት ኢትዮጵያ</u>** ኣእትዮም ውሽጣዊ ሃገራዊ ጸጥታ ብናይ ጸጥታ ኢትዮጵያ ክመሓደር ምስ ፈቐዱ ሃድን ኣብ ልዕሊ **<u>ጀበርቲ ኤርትራ</u>** ብሩኡይ ተሃንዲዱ።

## ጀበርቲ ኤርትራ

ንትጭወ ዘላ ሃገሮም ካብ ኣርዑት መጭወይትን መግዛእትን ንምድሓን ከኣ፡ ነቲ ገድሊ ናጽነት ኤርትራ ዘድመጸ **<u>ኤርትራ ወይ ሞት</u>** ኣበጊሶም ተበጊሶም ተቓሊሶም።

**ትርጉም ምስላ፡**
**<u>ጀበርቲ ዘይሕወሳ ውራይ መርዓ እትመስል ዋይ! ዋይ! ዝተባህለት ከኣ ነዚ እያ።</u>**

## ዝምስልዋ ዝነበሩ
## ክትርጉሙልና እንከለው፡

ኣብ መርዓ ጀበርቲ ኽትካፈል እንከሎኻ ኣብ ሓደ ዳስ ኣስላማይካ ክርስትያንካ በብባህልኻ መኣዲ ትቕረብ ነቲ ውራይ ከኣ ተማዕርጎ እሞ፡ **<u>መጽሓፍ ቅዱስ ይኹን ቁርዓን</u>** ሓቀኛ ተልእኾኡን ትርጉሙን ተዕግቦ።

## እዛ ሃገር እዚኣ!

ብኽልቲኡ ምእመና ተመሳጊና እትነብር ከኣ እዚ ኣስተዋጽኦታት ስለ ዘልመደት ዝመሃረት እዩ። እታ ዳስ ማለት ሃገር ማለት እቲ መኣዲ ማለት ከኣ በባህለ ልምድኻ ክብረት እዩ እሞ፡ እቲ **ብዋዕላ ቤት ጊዮርጊስ** ገይሩ ዝተኣታተወ ጸይቂ ናብዚ ጭውየት እዚ ከብጽሐና ዘኽኣለ እዚ ኣስላማይ እቲ ክስታናይ ዘበሃሃለ ንእቶም መሃርቲ ኣኽበርቲ ሓድነትን ሕውነትን ኣብ ምትካል መንግስቲ ዘይምክፋል ዕላማ ዝምታ ስለዝነበሮ እዩ እምበር ኩለን ብሄራት ዝካፈላኦ ጀበርቲ ፈጣር ብሄርነት ከመይ ገይሩ ካብ ውራይ ሃገር ይኽልከል?

## ካብ ካልኦት ብሄራት ጠቐስና

እገሌ ድኣ ኣስላም እንድዮም እንታይ ድኣ ኣካፊሎሙዎም ንዝብል ሕቶና ኽኣ **ጀበርቲ** ንጹር ዕላማ ሃገርን እምነትን ዝትርጉሙ **መሰል** ማለት እምነት ማለት ውልቀ ዕግበት ኮይኑ፡ እቲ ዝኣመነካ መታኣምንትኻ፡ እቲ ዘይኣመነካ ኽኣ ዝኣምኖ ክትኣምነሉ እምነትካ ክኣምነሉ ዘይሰሓሕብ ዘየጻብብ ሕውነት ይፈጥረልካ ጸላኢ ኩልኻ ኣብ ዝህልው ክኣ ኣብ ሓደ ይጠምረካ እሞ ብሕልፊ ጀበርቲ ኣቦታቶም ኣብ ዘመነ ጸዓዱ (ጣልያን) ካብ ምህሮ ዝዓበየ ኣእምሮ ዘመስከሩ ስለዝኾኑ ጉዳይ ገዛእን ተገዛእን ቶርጎሞም ስለዝኽእሉ ወላ ካብ መታኣምንቶም ክንጸሉ ዝተኣልመ ውዲት እዩ።

ንጀበርቲ ስም ዝህንደደሎም ዘይደቂ መንነት እሞ ኢትዮጵያውያን እዮም ዝዕለሉም ስኣ፡ ብዝነበረ ሃገራዊ ምንቅስቓሳት ጠቒሶም።

## ኢትዮጵያን እንዝኾኑ ነይሮም
## ማሕበር ኣንድነት እንታይ መፍጠሮም?
## ጀበርቲ ኤርትራኽ፡ ኤርትራ ወይ ሞት እንታይ መበሉም?
## ኢሎም ይገልጹልና ይምህሩና ነይሮም።

## ካብ ተመኩሮ ዝቐሰምናዮ
## ብኣካል ካብ ዝተኻፈልናዮ

ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፣ ወላዲት ማሕበር ሸውዓት ቀጺላ ኽኣ ብረታዊ ናጽነታዊ (ሓራካ) ዝፈጠሩ ዘማዕበሉ **ጀበርቲ ኤርትራ** እዮም። ብስርዓት ኢትዮጵያን ዓንገልቱን ጥራሕ ዘይኮኑ፡ ኣብ እቲ ብረታዊ ቃልሲ ዝተጸንበሩ ስም እተሃድኑ፡ ብኣይ ዘይኮነ ብህይወቱ ብኣካል ካብቶም መስረትትን ተሃደንትን ካብ ብህይወቶም ዘለው ናይ ዓይንን ኣካልን ምስክር ሎሚ <u>ኣብ ሃገራት ዓረብ ማለት ኣብ ሱዑዲ ሪያድ፡</u> ብህይወቱ ስለዘሎ ክወከስን ክነግርን ሕድሪ ኢለ ክጠቕሶ፡ <u>ታሪኻዊ መሰረት ገድሊ ኤርትራ ስራጅ መሓመድ ኑር፡</u> ተወኪስኩም ልዕሊ ምርግጋጽ ብዙሕ ክንገር ዘይድለ ክፍኣታት ኣብ ልዕሊ <u>ጀበርቲ</u> ክሕብር ይኽእል እዩ።

**<u>ሓደ ካብ እቲ ስክፍታ ቃልሲ ኤርትራ ካብ ስሳታት ጀሚርካ ጥራሕ ምትንታን ምንጋር ዝድለ ኽኣ ኣተሓቕቓ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ሓራካ ንኽይፍለጥ ዝተኣልመ ናይ ህልዋን ገበናት ንኽሽፈን ዝተኣልመ እዩ።</u>**

ክቡራት ክቡራን!

ደቂ ሰብ ኣብ ዓለም ይነብሩ ይሞቱ ይቕበሩ ኽኣ፡ ህይወት ዓለም ስኣ ንእቶም ዝነብሩ እዩ። እቶም ዝነብሩ ዝምዕብሉ ወይ ዝዓንው ኽኣ ብእቲ ዝተሓደገሎምን ዝተነግሮምን መበገስ ስለዝኾኖም እዩ እሞ፡ ፈጠርትና ኣቦታት ንኣቦሓጎታትና ንስም ስኣ ንኣቦታትና ወረሶም ኣውረሶም ዝሓደጉልና ታሪኽ ዘኪርና ኣብ ኤርትራ ሎሚ ዘሎ ኩነታት ካብ ጸልማት ኣብ ዝጸልመተ ብዘይካ ጥልመት እምነት ዘይኣመተ ህይወት ዘይባህርያትና ዘይውህበትና ስም ዝኾነ፡ እቲ ዘሎ ኩነታት ኣመጻጽኣኡ እንተዘይዘኪርና ብኸመይ ጽባሕ ሕውየት ክህልው ይኽእል ዝብል ተስፋ ንገብር? እቲ ሕማማት ኣመጻጽኣኡ ዓቢ ጥናዮ እንተድ ኼድና ብኸመይን በየንን እዩ ተፈዊሱ ክሓዊ ዝኽእል?

## ታሪኽ ይተንተን
## ጸያቕ ታሪኽ ንኽብተን፡

ዝበሃል ሰዓቱ ሕጂ እቶም ነንእሽቶ ኣፍልጦ ዘሎና ክንዓጥቀሉ ሓላፍነትና እዩ ጽባሕ መጻኢ ወለዶና ኣብ ዘይታሪኾም ኣብ ዘይመፈጠሮም ንኸይህለሙ፡ **<u>ሓቂ ፈሪህካ ዝርከብ ጥዕና የለን። ናይ ጽባሕ ወለዶ ብዕብጠትና ከይህለም</u>**።

*እሞ!*

*ናይ ሎሚ ብምስሳ ተተርኢሳ ዘመሓላልፉ ዘሎኹ ጽሕፍቲ ብወግዒ **ንብሄር ጀበርቲ ኤርትራ** ጸዋዒት ድኣ ትኹን እምበር NO JEBERTY? NO COMPLETE ERIREAN NATIONALITY (ብዘይ ብሄር ጀበርቲ ኤርትራዊ መንነት ነይ ምልእቲ) ስለዝኾነ ንኹልና ብመንነትና እንተኣማመን ዝትንክፈና ዘሰፍልለና ስለዝኾነ ክንዝንግዖ ዘይብልናን ዘይግበኣናን እዩ።*

## ***ኣብዘን ቁረብ ኣዋርሕ***

*ከም እተዓዘብኩም፡ ብዘይቃልዓለም ከነግሮ ዘሎኒ ውልቃዊ ስክፍታይ ኣሎ። ንሱ ኸኣ ክወቅስ ወይ ክኸስስ ዘይኮነ፡ ተዘክሮታተይን ተመኩሮታተይን ካብ ዝመሃረኒ **ናህዳ** (ትንሳኤ) ዝብል ምንቅስቓስ ብደቂ ጀበርቲ ንንጹርነት ብሄረ ጀበርቲ ኤርትራ ከምእተላዕለ ምፍላጠይ ዝተሰመዓኒ ሓበን መለክኢ ኣይርከቦን ድኣ ይኹን እምበር፡ እቲ ምንቅስቓስ መቐጸልታ ጻዕርታት ኣቦታት ጀበርቲ ንጥምርቲ ኤርትራውነት ምሉእ ብቑዕ እናበልኩምን እናኣመንኩምን ካብ እቲ ሰልፊ ወጻኢ ማለት ፍሉይ ኮም ማሕበር ጀበርቲ ምህላው ምስመዔይ ቦኽሪ እዝነይ ኮይኑ፡ እቲ ምህላው ማሕበር ጽቡቕን ኣወንታን ይኹን ድኣ እምበር፡ ኣብ ክልተ ተገሚዖም በብመንጎደም ክኸዱ ማለት፡ **ሓድነት ዝፈጠሩ ወለዶ፡ ኣብ ውሻጢ ገዝኦምሲ ማዕዶ ማዕዶ** እትብል ኣስተንታኒት ሕቶ ኣብ ኣእምሮይ ሰሪጸ እሞ፡*

***እዚ ክልተ ስርርዕ***
***ሓደ ወለዶ ሓደ መጸውዕ***
***መንነቱ ተዘሚትዎ ዘሎ***
***ብሓደ ዘይድፍዕ***
***መን መሃሮ- ብይቀይዲ እንዳ ግምምዕ?***

*ነታ ዓባይን ታሪኻዊትን ምስለ **ጀበርቲ ዘይሕወሳ ውራይ መርዓ ጸኒሐ ዋይ! ዋይ!** ኣዘኻኺራትኒ ክጽሕፍ ተገዲደ።*

## ***ዘገደደኒ ኸኣ!***

*ጀበርቲ ኤርትራ ህላዌን መረጋገጺ ብሄርነቶም ስለዝተሓንኮለ ኤርትራ ሃገርና ከም ስንክልቲ ሃገር ኮይና ዘዝመጸ ስርዓት ሕጂ ኸኣ ብገዛእ ደምና ምኽስካስን ኣዕጽምትና ምኽስካስን ዘረጋገጽናዮ ልዑላውነትና መናሃርያ መጋበርያ ሸፉቱ ኾይና ደቅና ኣሹንኳይዶ መንነታዊ ብሄርነቶም ስም መበቆል ኣውራጃታቶም እውን ተደምሲሱ ብቐጽሪ ጸኒሖም ከኣ ብመኣዝን ኣብ ምጽዋዕ ይዓብዩን ይመሃሩን ኣለው። ተማሂርካ ምምሃር ስለ ዘሎ ኸኣ ነቲ ዝትክኦም ወለዶ ዝተማህርዎ ድኣ ይምህሩ እምበር ዘይተማርዎ መዓስ ምስ ፈለጡዎ ክምህሩ?*

## ***ፖለቲካውያን ሰልፍታት፡***

*ለውጢ ክብላ እንክለዋ እቲ ዝብለኦን ዝወዳደረኦን ለውጢ ናይ እቲ ሸፍታ ስርዓት ድኣ እምበር፡ ብሄራትና መሰል ርጉጽነተን ተጋሂሱ ብሕልፊ ብሕልፊ መሰረት ሃገር ዝኾነ **ብሄር ጀበርቲ** ፈጺሙ ተደምሲሱ ክብላ ኣይተሰምዓ ጽባሕ ከኣ ኣብቲ ዝወዳደርኦ ዘለዋ ምድያብ ስልጣን ምስ ተወጣሐ ክዛረበኑ ወይ ከልዕለኦ እየን ኢልካ ምሕሳብ ነብስኻ ምቕሻሽን መንነትካ ምሕሻሽን እዩ።*

## *ተቓወምቲ ውድባት ኢለን?*

*ሃይማኖታዊ ወፍረን ዘንቀሳቕሳ ወግዓውያን ኣለዋ፡ እዚኤን ከኣ ዕላማኤን ናይ ብሓቂ ምእመናዊ ምንቅስቓስ እንተኾይኑ እንታይ ምስ ገደሰንን ምስ ተመልከተንን እየን ብዛዕባ ብሄራት መሰል ክጣበቓ ወይ ንምርግጋጽ ክዓጥቃ ከዕጥቓ?*

***<u>መሰል ዋናኡ? ተጠቃሚኡ!</u>***

*እዚ ማለት ከኣ ኣነ ወዲ ሃገር ወደባት ጓላባት እየ ክበሃል እንተኾይኑ ኣብታ ሃገር ዋንነቱ ዘመስክሮ ብሄርነቱ እዩ እሞ፡ ንብሄርነቱ ምርግጋጽ ከኣ ባዕሉ ክምክት ከውሕስ ከረጋግጽ ይግባእ፡ ዝፈርስ ዘሎ ገዛኻ ከየኣዔረኻ ገዛውቱ ነቒዑ እዩ እሞ ናይ ኩልና ሓደ ምባል፡ ባዕልኻ ንባዕልኻ ምሽዕላል እንተዘይኮይኑ ሓልዮት ሃሊውካ ኣየጸውዕን።*

***<u>ናህዳ ከምኡ እውን ማሕበር ጀበርቲ!</u>***

*ኩሎም ንብልጽግና ምዕባሌ ብሄረ ጀበርቲ ኤርትራ እንተድኣ ዝንቀሳቐሱ ኾይኖም ናይ ሓባር ጥቕሚ ኣብ ሓደ መትከል ናይ ስራሕ ምቕቓል ቀጢዖም ዘይንቀሳቐሱሉ ምኽንያት ክህልው ኣይክእልን እቲ ዕላማ ቃልሶም ዝተፈላለየ እንተዘይኮይኑ።*

*ኣብዚ እዋን እዚ*

*ብሄራት ኤርትራ ወከልቲ ስድራቤታት ኤርትራ ስለዝኾና፡ በብብሄረን ንብሄረን ዋንነት መንነቱን ባህለ ልምዱ ረብሓታቱን ሃገራውነት ዋንነቱን ንኽይድፈር ሕገ እንዳባነት ክኽበር ተላዒለን ይንቀሳቐሳ ኣለዋ ብሄር ጀበርቲ ከ?*

***<u>ታሪኻውያን ኣቦታት ጀበርቲ ኣይስምዑ?!!!</u>***

*ዘብል እዩ ክኒኡ ኸኣ ኩሉ እቲ መኽፈልቲ ብሳላ ኣቦታት ጀበርቲን ንህዝቢ ንሃገር ኤርትራ ዝተኸፍለ ናይ ውሱናት ወረስቲ ጥልመት መሳገጺ ክኸውን? ኣይባህግናን! ኣይድልየትናን! ኣይእምነትናን! ኢሎም ወዮ ድኣ ድሕሪ ሞትካ ኣይትሳእን እዩ እምበር ብድድ! ኢሎም ሴፎም እታ ልማደኛ ዘይትስሕት ሴፎም ናብ ናይ ሎሚ ወጣማት መጨመትዋ ነይሮም።*

***<u>ኣሕዋት ጀበርቲ!</u>***

*ልክዕ እዩ ኣነ ኣግኣዚ ድኣ እምበር ጀበርቲ ኣይኮንኩን ክኸውን ከኣ ኣይክእልን ብሄርነት መንነት እዩ መንነት ከኣ ኣይልወጥ ኣይሸቀጥ እዩ። ተገዲሰ ክጽሕፍ ዘገደደኒ ግን ኤርትራዊ ብሄር ኣግኣዚያን ኮይነ ምሉእነት ኤርትራውነተይ ስለ ዘሔብነኒ ስንክልቲ ኤርትራ ስለ ዘይተመቐኒ ብእታ እንክላ ኣቢላ ሕሰምቲ ቁሪ ከይትኣትወኒ ስለ ዝሰከፍን ዝፈርህን ኮይነ፡ ኤርትራውያን ንኽይንቖርር ኤርትራውያን ንኽይንሽቆቕርር ሓልዮት ዊንታን ስለ ዘሎኒ፡ እቲ ክሳዕ ሕጂ መሳገጺ መዔንደሪ ጠላማት ገይሩና ዘሎ እንታይ ከምዝኾነ ስለ ዝተረድኣኒ እየ።*

***<u>ምርግጋጽ መንነት ጀበርቲ ኤርትራ፡</u>***

*ንእቲ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ሕሜት ብኡኡ ኣቢሉ ኸኣ ኣውራጃታት ሕከት በጺሑ ዘሎ ምፍልላይ ብሄር ኣግኣዝያን፡ ነበር መሬት ደቂሓማትጽዮን ብሓማሴን፣ ኣከለጉዛይ፣ ሰራየ ዝፍለጥ ዝነበረ (ብሸፋቱ እተሓከ) ኣብ ምኽንያት ዘይብሉ ዘይርከበሉ ሕድሕዳዊ ምንእኣሳት ዘበጸሔ ኣብ ንቡር ሕውነታዊ ታሪኹ ክምልስዎ ብቑዓት ጀበርቲ እዮም፡ ፈልዩ ብቑዓት ዝገብሮም ከኣ ኣብ ሰለስቲኡ ኣውራጃ ዝውለዱ ደቂ ሓደ ብሄር ስለ ዝኾኑ **<u>ቀሲንካ ክትሓድር ጎረቤትካ ቁሱን ምኺኑ መርምር</u>** ከም ዝበሃል ከምኡ እውን ታሪኻዊ ባህርያቶም ኣኽበርትን ኣስመርትን ሕውነት ሓድነት ኣመንቲ ስለዝኾኑ ቀሲኖም ንኽነብሩ ኣቀሳሲኖም ስለ ዝነብሩ።*

***<u>እዚ ክቡር ባህለ ስለ ዘለዎም ከኣ እዮም ካብ ንኽንሕረድ ዝሰሓለና ዝነበረ ካራ መታን ከይዕንቀፉ መጀመርያ ንምንጻል ብሄር ጀበርቲ ዝተሃንፉ።</u>***

*ናይ ሎሚ ፍላስፋውያን*

*ለባማት ሓለይቲ ኢና በሃልቲ ብሽፈነ ጥራሕ መሰል ብሄራት ክቡር እዩ ይብሉ እሞ፡ እተን ብሄራት ዝበሃላ ክጠቕስወን ዘይደልዩ **<u>ንጀበርቲ ኤርትራ</u>** ብሄርነቶም ክኣምኑሎም ዒቕ ስለዝብሎም ኣጋጣሚ ተወጢሮም ከኣ ኣብ መበል ታሽዓይ ወይ ዓሽራይ ብሄር ክጠቕስዎም ይስምዑ እሞ፡ **<u>ካብ በሃሊኡ ደጋሚኡ</u>** ከም ዝበሃል እቲ ዓማጺስ ዓማጺ ኾይኑ ክሽፍን*

*ተሃንዲዱ እዞም ንቃወም ነዚ ዓማጺ ዝብሉኽ እንታይ እዩ ጉዱ? ኢልካ ትም ክበሃል ስለዘይከኣል ብሄርነት መሰል ዋንነት እዩ እሞ ብሄር ከኣ ዓንዲ ዓውዲ ሃገር ስለዝኾነ፡ ዓንዲ ዓውዲ ሃገርና ንኽይስንክል ታሪኻዊ መሰረት ብሄራትና ሓገግቲ እምበር ተሓገግቲ ከምዘይኮና ዘድሊ መኽፈልቲ ኽንከፍለለን ሕድሪ መሰረትቲ ሃገርና ታሪኻውያን ኣቦታትናን ንዝተጨውየት ሃገርና በጃ ዝሓለፉ ካብ ከም ሰቦም ምንቅስቓስ ዝተኸልፉ ስውኣትናን ስንኩላትናን ክኽበር ጻዕሪ ኩልና ዝሓትት እዩ።*

*ክቡራት ክቡራን*
*ናህዳን ማሕበር ጀበርትን*

*ከም ሓውኩም መማስሕቲ መሬትኩም መጠን ክሓተኩም ዝደሊ ሕቶ ኣሳ እሞ ብዘይ ቃልዓለም ከተብርሁለይ ዝምሕጸና እያ።*

*ሀ/ ሰልፊ ናህዳ*
*ለ/ ማሕበር ጀበርቲ ኤርትራ*

1. *ኣብ ሓደ ቅጥዒ ማለት ኣብ ጥሙር ሓልዮት መንነት ብሄር ጀበርቲ ብሓደ ከጋብእኩም ኢደይ ኢድካ ከበሃህለኩም ዘይከኣለ ዘይድለ እንታይ እዩ?*
2. *መንነትካ እናኣውሓስካ ንምዕባሌ መንነትካ ክትምድብ ክትላዘብ ክትተዓጋገብ ዘየኽእል እንታይ እዩ?*
3. *ታሪኽ ዝምስክሮ ብሄር ጀበርቲ ኤርትራ ካብ ልዕሊ ሰብዓ ዓመት ኣብ ወጥሪ ዘሎ እዩ። ነዚ መውሓስን መረጋገጽን እንታይ ኣገባብ ቃልሲ ክትግበር ይድለ?*
4. *እቲ ዝድለ ምዕባለ ብሄር ጀበርቲ ኤርትራ ኣበይ ከም መንነት ወይ መን ዘውሓሰሉ ህላዌ ዘተኣማምን ሃሊው ኾይኑ ልዕሊ ደቂ ጀበርቲ ኤርትራ?*
5.

*መደምደምታ!*

*ናህዳ ኹኑ ማሕበር ጀበርቲ ኤርትራ ኩልኹም ልዑል ፍቕራዊ ሕውነተይ እናኣቐደምኩልኩም፡ መበገስ መበራርሂ ክኾናና ንእዘን ኣርባዕተ ሕቶታተይ ክትምልሹ ክትልግሱለይ እናተጸበኹ*

***ሰናይ ቅነ***

***ሓውኩም***
***ብሄረ ኣግኣዝያን***
***ወደባት፡ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)***
***ሚላኖ-ኢጣልያ***